# ቃለ-መሕትት
# ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዘቤታዊ ጉዳያት



**ክቡር ፕረዚደንት ኣብ ዝሓለፉ 26 ዓመታት፣ ኣብ ምርግጋጽ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ብፍላይ ኣብ ጽላታታት ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ቀረብ ማይ፡ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ከምኡ'ውን ኣብ ኣገደስቲ ትሕተ-ቅርጽታት ክትግበር ዝጸንሐ ስርሓት ኣሎ። ኣብ ካልኦት ጽላታት ከም ኢንዱስትሪ ሃብቲ ዓሳን ቱሪዝምን ዝኣመሰሉ ግን፡ እቲ ገስጋስ ትሕቲ ጥሙሕናን ተኽእሎታትናን እዩ ክበሃል ይከኣል። ናይ ቀረባ መደብና ኣብዞም ጽላታት እዚኣቶም እንታይ እዩ?**

ንኹሎም ጽላታት ዝጸልዉ መሰረታውያን ናይ ልምዓት መደባት ኣለዉ። ሓደ ካብኦም ቀረብን ኣገልግሎትን ማይ እዩ። ቀረብ ማይ፡ ንሕርሻ፡ ኢንዱስትሪን መስናዓትን ካልእን ዝጸሉ እዩ። ቀረብ ማይ ኣብ ዝናብ'ዩ ክምርኰስ ጸኒሑ። ካብኡ ክንወጽእ ክንክእል ኣለና። ኣዝዩ ከቢድን በዳሂን ስራሕ ድማ እዩ። ኣብ ሓጺር ግዜ ዝማላእ ኣይኮነን። ቀረብ ማይ እንተድኣ ተማሊኡ፡ እቶም ካልኦት ጽላታት ኣገዳሲ ኣበርክቶ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። ፈለማ ግን ዝኣክል መጠን ማይ ክህልወና ኣለዎ። ማይ ምሓዝ ጥራይ ዘይኮነ፡ ክንጥቀመሉ እውን ኣብቲ ዝድለ ቦታ ከነብጽሖ ክንክእል ኣለና። ብዘይ ማይ ኢንዱስትሪ ይኹን ካልኦት ጽላታት ክህልዉ ኣይክእሉን እዮም። እቲ ካልኣይ መሰረታዊ ቀረብ፡ ጸዓት እዩ - ኣገልግሎት ኤለክትሪሲቲ። ኤለክትሪክሲቲ ንዘቤታዊ ኣገልግሎት፡ ሕርሻ፡ ኢንዱስትሪን መስንዓትን ካልእ ዝተፈላለዩ ዕማማትን ዝጸሉ ወሳኒ ኣገልግሎት እዩ። እቲ ሳልሳይ፡ መንበሪ ኣባይቲን ህንጻታትን እዩ። እቲ ዓያዪ ጉልበት ኮነ ሞያዊን ክኢላውን ዓቕሚ ሰብ ብግቡእ ክሰርሕ፡ ጥጡሕ መነባብሪ ክህልዎ ስለዘለዎ፡ ናይ ኣባይቲ ጉዳይ እውን ክፍታሕ ዘለዎ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ትሕተ ቅርጺ ማለት ጽርግያታት፡ ወደባት፡ መዓልቦ ነፈርቲ ናይ መጓዓዝ ኣገልግሎታት ንኹሎም ካልኦት ጽላታት ዝጸልዉ እዮም።

ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ከም ትምህርቲ፡ ጥዕና እውን ኣገደስቲ እዮም። እዞም መሰረታውያን ናይ ልምዓት መደባት ካብቲ ካልእ ጽላታት ነጻጺልካ ክትርእዮም ዝከኣል ኣይኮነን።

ኣብዚ ዝሓለፈ 25 ዓመታት ምስናይ ጽቡቕ ድሌት ኣብ ኢንዱስትሪ ብዙሕ ክንግስግስ ኣይከኣልናን። እቲ ቀንዲ ብድሆ እዞም ክጠቕሶም ዝጸናሕኩ ንኹሉ ጽላታት ዝጸልዉ መሰረታውያን ናይ ልምዓት መደባት ክንጸፉ ስለዘለዎም እዩ። ኣገዳስነት ናይ'ዚ ጽላት'ዚ ግን ርዱእ እዩ። ምኽንያቱ ዘይተመስረሐ ጥረ ነገራት ንዘቤታዊ ዕዳጋ ይኹን ንስደድ ምቕራብ ከምቲ ዝድለ ውጽኢት ክህልዎ ኣይክእልን። ንኣብነት ጡጥ ኣፍሪኻ፡ ብጥሪኡ እንተሸጥካዮ እንታይ መኽሰብ ኣለዎ? መስሪሕካ ክብሪ ወሲኽካ ብመልክዕ ዓለባ ድዩ ልብሲ፡ ልብሲ ብልብሲኡ እውን ብዓይነቱ ተወዳዳሪ ጌርካ ከተቕርቦ እንከለኻ እዩ ዘዋጽእ። ስለዚ ናይ ቴክስታይል ኢንዱስትሪ ምምዕባል የድሊ። እዚ ብወገኑ ዝፈጥሮ ሽቕለትን ካብኡ ዝርከብ እቶትን ኣብ ጃምላ ሃገራዊ ምህርቲ ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ። ስለዚ ክብሪ ምውሳኽ (Value adding) ክህሉ ኣለዎ። ካብ መባእታዊ ቁጠባ ክንወጽእ ክንክእል ኣለና። ግዜ፡ ርእሰማል፡ ቴክኖሎጂ ይሓትት እዩ። ግን እናማዕበልናዮ ክንከይድ የድልየና። ኣብ ዕዳጋታት ዓለም ዘሎ ውድድር ሓያል እዩ። ስለዚ እነቕርቦ ፍርያት፡ ብዓይነት፡ ብዓቕን፡ ኣብቲ ዝበለጸ ደረጃ ክበጽሕ ኣለዎ። ማዕረ ማዕረኡ እውን ንምፍራይ ዝግበር ወጻኢታት ክውሕድ ኣለዎ። እንተዘየለ ጥረ ፍርያት ክትሸይጥ ኣየወጻጽእን እዩ። ካልእ ከም ኣብነት ክጥቀስ ዝከኣል ቆርበት እዩ። ቆርበት መስሪሕካ ክብሪ ወሲኽኻ ውዱእ ፍርያት ጌርካ ክትሸጦ እዩ ዘኽስብ። ስለዚ ነቲ ኢንዱስትሪ ከነማዕብሎ ኣለና። ከምኡ እንተጌርካ፡ ናይ ምስናዕ ኢንዱስትሪ ኣብ ሃገራዊ ምህርቲ ዘለዎ ኣበርክቶ ቀሊል ኣይኮነን። እዚ ጽላት'ዚ ግን ገና ኣይማዕበለን። ዋላ'ቲ ንስደድ ነፍርዮ ዘለና ወርቂ ድዩ ነሓስ ከይመስራሕና ወይ መስርሑ ከይወድአ ኢና ንሰዶ ዘለና። ምኽንያቱ ምስ ሓጻዊን ዝተኣሳሰሩ ዓበይቲ ኢንዱስትሪታት የብልናን።

ስለዚ ካብ ዕደና ይኹን ሕርሻን ካልእ ጽላታትን ዝርከብ ምህርቲ ዝምስርሕ ናይ ምስናዕ ዓቕሚ ምዕባይ የድልየና። ካብቲ ዝቐለለ ሕርሻዊ ፍርያት ጀሚርካ ክሳብ'ቲ ዝለዓለ ፍርያት ናብ ዕዳጋ ክቐርብ እንተ ድኣ ኾይኑ ድማ፡ ክብሪ ክውሰኽ ክኽእል ኣለዎ። ሓምሊ ኣብ ክሻ ሰጉድካ ኣብ ዕዳጋ ክወርድን ብጽቡቕ ተዓሺጉ ክቐርብን በበይኑ እዩ። ዝኾነ ፍርያት ንዘቤታዊ ዕዳጋ ይኹን ንደገ ክብሪ ወሲኹ እዩ ክቐርብ ዘለዎ። እቲ ሕጂ ዘሎ ባህሊ የሰክፈካ'ዩ። ሓጺር ሓጺር፡ ብውሑድ መኽሰብ፡ መስርሑ ዘይወድአ፡ ሽቕለት ዘይፈጥረልካ ፍርያት ብጥሪኡ ናብ ዕዳጋ ኣብ ክንዲ ምቕራብ ክብሪ ምውሳኽ ከም ባህሊ ክልመድ ዘለዎ እዩ። ስጋ፡ ናይ ጸባ ፍርያትን ካልእን እውን ከምኡ። ስለዚ ዓቕሊ ጌርና፡ ንነዊሕ ጠሚትና፡ ሓጺር ኣቋራጭ ከይሓሰብና ክንሰርሓሉ ዘለና እዩ። ግን በቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ ክማላእ ዘለዎ መሰረታዊ ቀረባት ምኽንያት ኣይተሰርሓሉን። ፖሊሲታትና ግን ኣብ ቦታኡ ኣሎ።

ብኽምዚ ክንቅጽል ኣይንኽእልን ኢና። እቲ ባህሊ እናተለምደን እናተሰረተን እንተኸይዱ፡ ኣብ ዕብየት ምህርቲን ቁጠባን ዘለዎ ኣሉታዊ ጽልዋ ቀሊል ኣይኮነን።
ስለዚ ዝሓለፈ ተሞኩሮ ብግቡእ ተገምጊሙ ክቕየር ዘለዎ እዩ። ሕጂ ሕጂ ከምዚን ከምዚን ክግበር ይከኣል'ዩ ክንብል ኣይንኽእልን። ብመሰረቱ ግን ፍርያትና ናይ ሕርሻ ይኹን ዕደናን ካልእን ክብሪ እናወሰኸ፡ ማዕረኡ ሽቕለት እናፈጠረ ክኸይድ ኣለዎ። ኣብ ሃብቲ ዓሳ እንተመጺእና እውን ልክዕ ከምኡ'ዩ። እቲ ዘሎ ዕቑር ሃብቲ (ስቶክ) ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ቀይሕ ባሕሪ፡ በዚ ጸጋ'ዚ ካብተን ዝሃብተማ ሃገራት ኢና ክንብል ንኽእል። እቲ ዝበዝሕ ዓሳ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ናይ ቀይሕ ባሕሪ ስለዘሎ፡ ዘለና ጸጋ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ባሕርና ካብ 80 ክሳብ 120 ሽሕ ቶን ዓሳ ኣብ ዓመት ክግፈፍ ከምዝኽእል ይግመት እዩ። ምናልባት ካብኡ ንታሕቲ እውን ክኸውን ይኽእል። ነቲ ዝተሓተ ገምጋም ማለት 80 ሽሕ እንተድኣ ወሲድና፡ ክንደይ ካብኡ ኢና ዓመት-ዓመት ክንገፍፍ ጸኒሕና? እንተድኣ ኢልና፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ 25 ዓመታት 10 ሚእታዊት እውን ኣይተንከፍናሉን። ሓደ ካብቲ ጸገም ልምዳዊ ምግፋፍ ዓሳ ነቲ ዘሎ ዕቑር ወይ ተኽእሎ ክትምዝምዞ ኣየኽእለካን እዩ። ዘመናዊ ምግፋፍ ዓሳ ምትእትታው የድሊ። እዚ ድማ ገዚፍ ናይ ርእሰ ማል ወፍሪ፡ ሞያዊ ዓቕሚን ቴክኖሎጂን ይሓትት። ምግፋፍ ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቲ ጥረ ዓሳ እውን ክብሪ ክትውስኸሉ ኣለካ። ኣመስሪሕካ ክሳብ ኣብ ስቓጥላታት ዓሺግካ ናብ ዕዳጋ ምቕራብ ክትበጽሕ ኣለካ። ብዝሑል እውን ደረጃኡ ብዝሓለወ ኣቀራርባ ንደገ ክትሸይጥ ትኽእል ኢኻ። ስለዚ፡ እዚ ጽላት'ዚ ብዙሕ ወፍርታት ክግበረሉ ዘለዎ እዩ። ብዘቤታዊ ዕዳጋ ጥራይ፡ ነቲ ጽላት ከነዕብዮ ኣይንኽእልን ኢና። ዝዓበየ ክፋሉ ንደገ ክጥምት ስለዘለዎ፡ ኣብ መንጎ እቲ ልምዳዊ ምግፋፍ ዓሳን ዘመናዊ ወይ ንግዳዊ ምግፋፍ ዓሳን ዘንቕ እናሃለወ፡ ንኽልቲኡ ከነዕብዮ ክንክእል ኣለና። ክሳብ ክንደይ ሰደድ ከነፍሪ ጸኒሕና እንተድኣ ኢልና፡ ዋላሓንቲ። ዘፍረናዮ ኣሎ ኢልካ ክዝረብ ኣይከኣልን። ሓደ ሓደ ንኣሽቱ ክጥቀሱ ዝኽእሉ ፈተነታት ተገይሮም ይኾኑ። ስለምንታይ ግን? ግዜ፡ ገዚፍ ርእሰማል፡ ቴክኖሎጂ ስለዝሓትት ብዓቕምና ክንገብሮ እንኽእል ድሩት ኮይኑ እዩ ጸኒሑ። መሰጋገሪ ክኾነና ናይ ደገ ወፍሪ ከነሳትፍ ዝገበርናዮ ፈተነታት ነይሩ እዩ። ግን ኣተባባዒ ውጽኢት ኣይረኸብናሉን። እቲ ካብ ደገ ዝመጽእ ኣውፋሪ፡ ጥረ ዓሳ ገፊፉ ክኸይድ እንተዘይኮይኑ፡ ነቲ ጽላት ከዕብዮ፡ ምስኡ ዝኸይድ ትሕተ ቕርጺ ከማዕብል ኣይተራእየን። ኣብ በዓል ገልዓሎ፡ ጢዖ፡ ዕዲ ዝተገብረ ናይ ማርሳታት ምምሕያሽ፡ በረድ ናይ ምስራሕን ምዝሓልን ምዕቃብን ዓቕሚ ንምዕባይ ዝተኻየደ ፈተነ ብዙሕ ኣይሰርሐን። ኣይማዕበለን። ኣብዚ ጽላት'ዚ ክብሪ ንምውሳኽ ዝሕግዝ ወፍርታት ክንገብር ኣለና። ማዕረኡ ብቑዕ ዓያዪ ዓቕሚ ከነጥሪ ክንክእል ኣለና። ዓያዪ ጉልበት ምናልባት ኣየጸግምን ይኸውን። ክኢላዊ ዓቕሚ ግን የድሊ። ናይ ደገ ወፍሪ ንዕኡ ዝሕግዝ ኣይኮነን። ምስቲ ናይ ደገ ወፍሪ፡ ሽርክነት ዘቤታዊ ወፍሪ ክህሉ ኣለዎ። ንቐጻሊ ብናይ ደገ ወፍሪ ጥራይ ከነካይዶ ኢልና ክንሓስብ ኣይንኽእልን።

ብዘይካ ዓሳ፡ ጨው ወሲኽካ ካልኦት ዝተፈላላዩ ናይ ባሕሪ ጸጋታት እውን ኣለዉና። ክንጥቀመሎም ዝግባእ። ክሳብ ሕጂ ግን ኣይማዕበሉን። ልክዕ ከምቲ ናይ ምስናዕ፡ እዚ ጽላት'ዚ እውን ዕቱብ ገምጋም ዘድልዮ እዩ። ሎሚ ዓመት ምናልባት፡ ካብ ደገ ናይ ግብጺን ካልኦት ዝተፈላለዩ ጎረባብቲን ወፍሪ ስለዘሎ፡ ምስኣቶም እንታይ ክግበር ይከኣል ክንርእዮ ኢና። ገና ኣብ መስርሕ ዘሎ እዩ። እቲ ልምዳዊ ዘቤታዊ ናይ ምግፋፍ ዓቕሚ ምስ ዘመናዊ ናይ ግዳም ወፍሪ ሓዋዊስካ እንታይ ክግበር ይከኣል፡ ክርአ እዩ። እቲ ዝሓሸን ዘዋጽእን ኣማራጺ ግን ውሽጣዊ ዓቕሚ ምህናጽን ምድላብን እዩ። ንናይ ደገ ወፍሪ ባይታ ከነጣጥሕ ከለና ናይ ገዛእ ርእስና ኣበርክቶ ኣብኡ እውን ከነዕቢ ኣለና። ዘቤታዊ ዓቕምና ከነሐይል ብምሕሳብ፡ ዓቕሚ ሰብ ንምምዕባል ኮሌጅ ተመስሪቱ። ዝተፈላለዩ ስልጠናታት እውን ክወሃቡ ጸኒሖም። እቲ ዝደለናዮ ዓያዩ ዓቕሚ ግን ፈጢርናዮዶ? እንታይ ኣበርክቶ'ኸ ገይሩ? ኢልካ ሕቶታት ብምልዓል ብዛዕባኡ ገምጋም ክግበር ይከኣል እዩ። ብዝኾነ ግን፡ ኣብ ናይ ደገ ወፍሪ ትጽቢት ከየዕበና፡ እዚ ጽላት'ዚ ናይ ገዛእ ርእስና መሳለጥያታትን ትሕተ- ቅርጺን እንተላይ ብቑዕ ዓያዩ ጉልበት ክንፈጥረሉ ዘለና እዩ።

እቲ ሳልሳይ ዝመጽእ ቱሪዝም እዩ። ኣብዚ ጽላት'ዚ ናይ ዝሓለፈ 25 ዓመታት ተመክሮ እንታይ ኔሩ እንተደኣ ኢልና፡ ሓደ ዝንባዕ ወይ ዲስቶርሽን'ዩ ዝፈጥር። እዚ ጽላት'ዚ ዝቐለለ መኽሰብ ክርከበሉ ዝከኣል እዩ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ሃብቲ ክድለበሉ ዝከኣል ኣቋራጭ'ዩ እናተባህለ፡ ክንደይ ሆቴላትን ኣብያተ መግቢን ተሃኒጹ እዩ። ግን ነየናይ ዓሚል ወይ ነየናይ ተጠቃሚ? እቲ ኢንዱስትሪ ገና ከይተበገሰ ክሳብ ክንድዚ ወፍሪ ዝተገብረሉ ስለምንታይ'ዩ? እቲ ሰብ ቀሊል ስለዝመስሎ እዩ። ኣብዚኣ ሆቴል፡ ኣብዚኣ ባር፡ ኣብዚኣ ቤት መግቢ ትኸፍት፡ ገንዘብ ትረክብ። ብግብሪ ግን ቀሊል ኣይኮነን። እቶም ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎም ናይ ማይ፡ ኤለክትሪሲቲ፡ ትሕተ-ቅርጺ፡ መጓዓዝያ (ምድሪ፡ ባሕሪ፡ ኣየር) ኣገልግሎታት ከምቲ ዝድለ ኣብ ዘይተማልኣሉ፡ ነቲ ኢንዱስትሪ ከተማዕብሎ ዝከኣል ኣይኮነን። ነቲ ጽላት ከገልግል ዝኽእል ብቑዕ ጉልበት እውን ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። ብቐሊሉ ኣታዊታት ይርከበሉ እዩ ተባሂሉ ይዕበ ይንኣስ ኣብ ሆቴላት ኣብያተ መግቢ ካልእን ዝተገብረ ወፍሪ፡ ክንደይ ሚእታዊት ካብኡ ክሰርሕ ጸኒሑ እንተድኣ ኢልና፡ ካብ 5-10 ሚእታዊት ዝሓልፍ ኣይኮነን። ቀንፈዘው ዝብል ትካላት እንተዘይኮይኑ ዝሰርሕ ትካላት የለን።

ኣብቲ ዝሰርሕ ዝበሃል እውን እንተኾነ እቲ ዘሎ ዓይነት ኣገልግሎታት፡ ኣቀራርባ፡ መግቢ፡ ጽሬትን ካልእን ዘሰክፍ እዩ። ዓሚል ክትስሕብ ዓይነት እትህቦ ኣገልግሎት ኣገዳሲ እዩ። ኣብዚ ጽላት'ዚ እቲ ዘሎ ዘቤታዊ ዕዳጋ ጸቢብ እዩ። በብወቕቱ፡ ብዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ካብ ደገ ንዝመጹ ኤርትራውያን ኣገልግሎት ብምሃብ ትረኽቦ መኽሰብ እውን ኣዝዩ ድሩት እዩ። እዚ ጽላት'ዚ ክዓቢ ናይ ወጻእተኛታት ሱታፌ ክህሉ ኣለዎ። ብዙሓት ቱሪስት ክህልዉ ኣለዎም። ከምኡ ንክኸውን'ከ እቲ ዘሎ ኣገልግሎታት ንዕኡ ዝበቅዕ ድዩ? እንተድኣ ኢልና፡ ብቑዕ ኣይኮነን። ኣብ ገሊኡ ጽቡቕ ይጅምር፡ እትዋት እናጎደለ ምስ ከደ ግን፡ እቲ ዓይነት ኣገልግሎት

እናደኸመ ይኸይድ። ናይ ቱሪዝም ኢንዱስትሪ ክምዕብል፡ ዓይነት ኣገልግሎት ወሳኒ እዩ። ሰሓቢ ክኸውን፡ ብዋጋ፡ ብዓይነት፡ ብዓቐን ተወዳዳሪ ክኸውን ክኽእል ኣለዎ። እቲ ባህርያዊ ትዕድልቲ ኣብ ቦታኡ ኣሎ። መልክዕ መሬት፡ ክሊማን ካልእን። ንዕኡ ክትጥቀመሉ ግን ማዕረኡ ኣገልግሎታት ክትፈጥረሉ ኣለካ። ኣውራ ካብኡ ትሕተ ቅርጺ እዩ። ነዚ ኹሉ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ነቲ ኢንዱስትሪ ንምብርባር ብዝተጻንዐ መገዲ ክሰርሓሉ ክኽእል ኣለዎ። እዚ ጽላት'ዚ ኣበርክቶኡ ኣብ ጃምላ ሃገራዊ ምህርቲ እናዓበየ ክኸይድ እንተኾይኑ፡ እዚ ዝጠቐስክዎ ረቛሒታት ክማላእ ስለዘለዎ ቀሊል ብድሆ ኣይኮነን። ስለዚ ዝሓለፈ ተመኩሮ ብልክዕ ገምጊምና፡ ንድሕሪ ሕጂ ከመይ ጌርና ብሉጽን ተወዳዳሪን ባይታ ንፈጥርን ነማዕብሎን ክንሓስብ ኣለና።
ብሓፈሻ ኣብዞም ዝጠቐስክዎም ጽላታት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ካልኦት ጽላታት እውን ተመሳሳሊ ገምጋም እናተገብረ ካብ ድኽመታትና፡ ካብ ዝሓለፉ ብድሆታትና ተማሂርና ከነማሓይሾ ዝግብኣና ብዙሕ ነገራት ኣሎ። ብድምር ክርእ ከሎ ግን፡ እቶም ልዑል ኣተኩሮ ጌርና ዝሰራሕናሎም፡ ገና እውን ንሰርሓሎም ዘለና መሰረታውያን መደባት ልምዓት - ማለት ቀረብ ማይ፡ ኤለክትሪሲቲ፡ ትሕተ- ቅርጺ፡ ናይ መጓዓዝያ ኣገልግሎታት፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ትምህርቲን ጥዕናን ዝምስገን ውጽኢት ኣምጺኦም ኣለዉ ክንብል ንኽእል ኢና።

## ምስ'ዚ ቀዳማይ ሕቶ ዝተኣሳሰረ፡ ኣብ ዓመተ-2018 ፍሉይ ቀዳምነትን ኣቓልቦን ዝወሃቦም መደባት ቍጠባዊ ዕብየት እንታይ እዮም?

ፍሉይ ኢልካ እትዛረበሉ ኣርእስቲ ምናልባት ኣይህሉን ይኸውን። ገሊኦም ክኸዱ ዝጸንሑ እዮም። ንኣብነት፡ ኣብ ቀረብ ማይ እንድሕር መጺእና፡ ሎሚ ኣብ ዝሓሸ ቦታ ኣለና ክንብል ንኽእል። ዓይነት ናይቲ ቀረብ ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ዓቐን እውን ገዚፍ እዩ። ኣብ ዝርግሐ እውን፡ ኣብ ሓደ ከባቢ ጥራይ ዝተወሰነ ፕሮግራማት ልምዓት ማይ ኣይጸንሓናን። እቲ ዝርጋሐ ናይ ብሓቂ ተመጣጣኒ እዩ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ኣብ ምዕራብ ንኣብነት ኣብ ገርሰትን ፋንኮን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ከርከበት ዝተዋህለለ ማይ ኣሎ። ኣብኦም ካብ 200 - 300 ሚልዮን ሜትሮ ኩብ ማይ ሒዝና ኣለና እንድሕር ኢልና፡ ከመይ ጌርና ኣብ ጽሩይ ዝሰተ ማይ፡ ኣብ መዓላ ሕርሻን ዝተፈላለዩ ኢንዱስትሪያዊ ኣገልግሎታትን ክንጥቀመሉ ከም ዘለና ገዳሲ እዩ።

ኣብዚ ከበሳታት፡ ኣብቲ ልምዓታዊ ዞባ ዝበሃል ተዋዲዶም ዘለዉ ናይ ማይ መቆጻጸሪ መደባት፡ ኣብ ዝሓለፉ 2-3 ዓመታት ብመጠኑ ደሓን ተጠቒምናሎም ክበሃል ይከኣል። ኣብ ምብራቕ ምናልባት ናይ ጋሕቴላይ ክንወስድ ንኽእል። ነዚኣ ሓንቲ ካብ ዓሰርተ መደባት ኢልና ክንዛረበላ ንኽእል ንኸውን። ካብ ጫፍ ቃሮራ ክሳብ ጫፍ ረሓይታ፡ እንታይ ዝመስል ናይ ማይ ቀረብ መደባት ኣለና? ኣብ ወረቐት ተሳኢሉ ዘሎ መወዳእታ የብሉን። እቲ ናይ ጋሕቴላይ መደብ ምስ

ተወደአ፡ እቲ ማይ ንምንታይ ኢና ክንጥቀመሉ? ምስ ወደብ ዝተኣሳሰረ ኢንዱስትሪያዊ ንጥፈታት፡ ንሕርሻ ክሳብ ኣበይ ከተብጽሖ ትኽእል?

ኣብ 2018 ዘለዉና ማያት፡ ምናልባት ክሳብ 400 - 500 ሚልዮን ይበጽሕ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ካብቲ ዝናባዊ ሕርሻ ናብ መስኖኣዊ ሕርሻ ወይ ናይ ክልቲኡ ዝንቕ ንብሎ፡ እንታይ ክንገብር ኣለና? ኣብዚ ርእሰ ማልን ቴክኖሎጂን ይሓትት። ስርዓተ-መስኖ ኣብ ኩሉ ክተኣታቶ ክኽእል ኣለዎ። ማዕረ ማዕሪኡ መሬት ክቐረብን ክደላደልን ኣለዎ። ዘርኢን ዝተፈላለዩ ምስ ሕርሻ ዝተኣሳሰሩ ኬሚካላትን እውን ክተቕርብ ክትክእል ኣለካ። ሽዑ ነቲ ማይ ክትጥቀመሉ ምእንቲ፡ ኣብ ሓደስቲ መደባት ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ቅድሚ ናብ ሓደስቲ መደባት ምእታውካ ግን፡ ነቶም ኣብ ኢድካ ዘለዉ ምሉእ ብምሉእ ንኽትጥቀመሎም፡ ነቲ ቀረብ ናብ ኣድማዒ ኣገልግሎት ከተውዕሎ ክትክእል ኣለካ። ኣብዚ መዳይ ኣብ 2018 ሓደ ስጉምቲ ክንከይድ ኢና። ምሉእ ብምሉእ እንተ ዘይተጠቐምናሉ፡ እቲ ኣብኡ እንገብሮ ወፍሪ ማልሱ እውን፡ ዘተኣማምን ኣይከውንን እዩ። ኣብ ሕርሻዊ ኢንዱስትሪ፡ ኣብ ሃብቲ እንስሳ ምስ ፍርያት ጸባን ምህርቲ ስጋን ዝተኣሳሰሩ ዝተፈላለዩ መደባት ከነተኣታቱ ኣለና። ሕጂ ብኣሃዛት ክትሪኦ፡ ገዚፍ ብድሆ እዩ። ኣብዚ መዳይ ጽቡቕ ባህጊ ኣለና። ንዕኡ ዝኸውን ኩሉ ጸጋታት ኣማሊእካ ክትሰርሓሉ ግን፡ ዓቕምኻ ይድርተካ። ክሳብ እቲ ዝለዓለ ክትገብሮ እትኽእል ግን፡ ከተተግብር ክትክእል ኣለካ። ስለዚ ብውሑዱ ናይ 3 ዓመታት መደባት ኣብዚ ጉዳይ እዚ እንታይ ክግበር ይከኣል? ኣብዚ ሕጂ ናይ ማይ ኢልና ንዛረብ ኣለና። ምስ ነፍሲ-ወከፍ ቀረብ ማይ፡ ኣገልግሎት ጸዓት ኣሎ። መጨንጉዒታት ቡምባታት ክህልወካ ኣለዎ። ንዕደላ ማይ ዘድሊ ናይ ጸዓት ኣገልግሎት ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ። ኣብዚ እውን፡ ኣብ ረስናዊ ጸዓት ማለት ጀነሬተራት እናኣምጻእካ ክትሰርሕ እንተኼንካ፡ ነዳዲን ዝተፈላለዩ ካልኦት ወጻኢታትን ኣለዉ። ተሓዳሲ ጸዓት ወይ ጸሓያዊን ንፋሳዊን መመንጨዊ ኤለትሪክ እናኣታኣታተኻ ከተዕብዮ ክትክእል ኣለካ። ምኽንያቱ፡ ወጻኢታትካ ኣውሒድካ፡ ኣብ መወዳእታ ምህርትኻ ከተዕቢ ኣለካ። ስለዚ፡ ናይ ማይ ቀረብን ኣገልግሎታትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ማዕረኡ ናይ ኤለትሪክ ቀረብን ኣገልግሎታትን ምስቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ ጽርግያታት ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ። ካብ ከባቢታት ከርከበት፡ ፋንኮ፡ ገርሰትን ካልኦት ከባቢታት ምዕራብን ሕርሻዊ ምህርትኻ ናብ ዕዳጋታት ዘቤታዊ ምህርቲ ይኹን ንናይ ግዳም ዕዳጋታት ከተውፍሮም እንድሕር ኮይንካ፡ ንዕኡ ብቑዕ ናይ መጓዓዝያን ናይ ትሕተ ቅርጺን ዓቕሚ እውን ክህልወካ ኣለዎ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ኣብ 2018 ካብ ባጽዕ ናብ ኣስመራ ካብኡ ንመንሱራ፡ ኣቑርደትን ተሰነይን ዝኸይድ መስመር የርብሓና ስለዝኾነ፡ ከነውፍሮ ኣለና ተባሂሉ ወረቓቕቱ ዝተዳለወ እንተ ዝውዳእ፡ ንሱ ነቲ ናይ ምጉዓዝ መሳለጥያ ድርኺት ምሃቦ ነይሩ። እዚ ኣይተገብረን። ግን ነቲ ዘሎ ሕጂ፡ ካብ ኣቑርደት ንኣብነት ንባረንቱ ከይከድካ፡ ንግርማይካ ካብኡ ንታማራትን ንተሰነይን ጽቡቕ ኣገልግሎት ዝህብ ብውሑዱ ናይ ቀጥራን እንተ ዘይበልና ናይ ሓመድ ጽርግያታት ክህሉ ኣለዎ፡ ምእንቲ ስሉጥነት ክህበካ። ካብ ተሰነይ ንኦምሓጀር ዝኸይድ ስሉጥ ጽርግያ ክህሉ ክኽእል ኣለዎ፡ ምእንቲ ነቲ

ኣብኡ ዘሎ ቁጠባታት ዝተማልአ ኣገልግሎት ክህብ። ኣብ ከበሳታት እንተ ርኢናዮ፡ መንገዲ ባጽዕ ካብ ነፋሲት ንደቀምሓረ ተኣሊኻ፡ ካብ ደቀምሓረ ንመንደፈራ፡ ካብኡ ብዓረዛ ጌርካ ንባረንቱ ክትኣቱ፡ ካብኡ ኸኣ ንተሰነይ ክትከይድ፡ እቲ ጽርግያ ኸኣ ነቲ ኣብኡ ዘሎ ክፋል ናይቲ ቁጠባ ኣብ ሰለስቲኡ ናይ ልምዓት ዞባታት ዘሎ፡ እቲ ዝግባእ ኣገልግሎት ክህቦ ክኽእል ምእንቲ፡ ብቐዓቱ ክረጋገጽ ክኽእል ኣለዎ። ዓይነት ናይቲ ናይ ሓመድ ጽርግያ እውን እንተኾነ፡ ኣብ ኩሉ ወቕትታት ኣብ ክራማትን ኣብ ሓጋይን ምሉእ ኣገልግሎት ክህብ ክኽእል ኣለዎ። ማዕረ ማዕሪኡ መጠነ ንኡስ ፍርያት ክህሉ ኣለዎ። ዋኒን ወይ ፕሮጀክት እቲ ኣገልግሎት ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። እዚኦም ሕጂ ዝጸንሑ መደባት እዮም። ኣብ 2018 ግን፡ ናብ ዝሓሸ ከደይበና ክኽእል ኣለዎ። ምስቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ፡ ምስ ቀረብን ኣገልግሎታት ማይን ናይ ኤለክትሪክ፡ እቲ ምጕዕዓዝ እውን ነቲ ንኣሸቱ ናይ ዘቤት ቁጠባታት እውን ኣበርክቶ ኣለዎ። እዚኦም እንድሕር ተማሊኦም፡ ዝኾነ ዜጋ ወይ ዝኾነ ኣውፋሪ ኣብ ዝተፈላለየ ዋኒናት ዝሰርሕ ጥጡሕ ባይታ ክፍጠረሉ እዩ። ኣብ 2018 ብመጠን ናይቶም ኣብ ካልኦት ጽላታትን ኢንዱስትሪታትን ንገብሮም መደባት ልሞዓት፡ እዚኣቶም እውን ከም ቀዳምነት ክስረሓሎም ክኽእል ኣለዎ። እዞም ሕጂ ናይ ትምህርቲ፡ ጥዕናን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ዝበሃሉ እውን፡ ኣብኡ ኣትዮም ክስረሓሎም ኣለዎም። እቲ ክኸይድ ዝጸንሐን ንዝመጽእ ሰለስተ ዓመታት ዝቕጽሉ መደባት ዝተታሕዘሎምን፡ ንዓኣቶም ድርኺት ዝህብ መደባት ብተናጸል ኮነ ናቱ ድምር ጥሙር ውጽኢት ክርአ ተባሂሉ ዝተታሕዘ ኣሎ። እዚኦም ካብቶም ኣገደስቲ ዝበሃሉ እዮም። ምናልባት ኣብ ወፍሪ ዕደናን ኣብ ዝተፈላለዩ ካልኦት ንእስ ንእስ ዝበሉ ፕሮግራማትን ኣብ 2018 ክትግበሩ ተባሂሎም፡ ምስዞም ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎም መሰረታውያን ኣበርክቶታት ዝገብሩ ጽላታት ናይ ማይ፡ ኤለትሪክ፡ ትሕተ ቅርጺን መጓዓዝያን ምስኣቶም ዝኸዱ ኣለዉ። እዚኦም እቶም ዓበይቲ ኣብ 2018 ተታሒዞም ዘለዉ መደባት እዮም። ካብኡ ናብኡ ኣብ ሞያዊ ዓቕምና ምስሳን ከነካይዶም ዝጸናሕና ገዚፍ ወፍሪ ዝገበርናሎም ናይ ትምህርቲ መደባትና፡ ብዙሕ ዝምስገኑ ኣይኮኑን። ስለዚ ንሱ እውን ግቡእ ክለሳ ተገይሩሉ፡ ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ካልእ ወፍሪ ወይ ስልጢት ናይ ባጀት፡ ናብኡ ዝግበር ስልጢት ዓብዩ ናይ ብሓቂ ሞያዊ ዓቕሚ ከተማዕብል ኣለካ። ኣብዚ ዝሓለፈ 25 ዓመታት ዝተገብረ ወፍራ፡ ናይ ብሓቂ ዘድምዕ ዓያዩ ሞያዊ ምኩር ክእለት ዘለዎ ዓቕሚ ኣጥሪና ዲና እንድሕር ተባሂሉ፡ ንኹሉ እቲ ዝተፈላለየ ጽላታት ዘለዎ ትሕንጽጸ መደባት ንዕኡ ከስርሓካ ዝኽእል ብዛዕባ ማሽነሪ ብዛዕባ ትሕተ ቅርጺ ብዛዕባ ማይ ብዛዕባ ኤለትሪክ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ መወዳእታ ግን፡ ናይ ኩሉ ልምዓትካ ዋላ ናይቲ ዕብየት ትምህርቲ ወሳኒ ብቕዓት ናይ ሰብካ እዩ። ጸጋ ሰብካ ኣብ ምንታይ ደረጃ ኣሎ ኢልካ ክትግምግም ክትክእል ኣለካ። ነዚ ጉዳይ እዚ ኀሲኻ፡ ኖእ ማሽነሪ ኣምጺእና፡ ማይ ከዚንና፡ ኤለትሪካዊ ጸዓት ኣበሪኽና፡ ኣብ ትሕተ ቅርጺ ኣድሚዕና፡ … ኢልካ ክዝረብ ስለ ዘይከኣል፡ ን2018፡ 2019፡ 2020 ብዕቱብ ገምጋም ክግበረሉ ኣለዎ።

**ዝሓለፈ ዓመት ክቡር ፕረዚደንት፣ መንግስቲ ንጉዳይ ደሞዝን መንበሪ ኣባይትን ቀዳምነት ክህቦም ምዃኑ ኣሚትካ ነይርካ። ኣብ’ዚ ዓመት እዚ ንትግባረኦም ዝውሰዱ ስጉምትታት ኣለዉዶ?**

ዝኾነ ዜጋ ናይ ብሓቂ በታ ዘለቶ ዓቕሚ ትዕበ ትንኣስ ኣበርክቶ ክገብር እንተኾይኑ፡ ቅድም ቀዳድም ናይ ቤቱ ሽግር ክፈትሕ ክኽእል ኣለዎ፡ ናይ ቤት ሽግር ከይፈታሕካ፡ ካልኦት ዓበይቲ ሰማይ ሰማይ ዝነፍሩ መደባት ከተውጽእ ኣይትኽእልን። ናይ 25 ዓመታት ተመኩሮ ኣሎና - ናይ ኣባይቲ ጉዳይ ኣብዚ ሃገር ፈጺሙ ተሰፋ ዝህብ ኣይኮነን። ዝተፈተነ ምስ መንበሪ ኣባይቲ ዝተኣሳሰረ ፕሮጀክት፡ ዘይተዓወተ ፕሮጀክትታት ወይ ዘይተዓወተ ጽላት እዩ እንተደኣ ኢልካ ምግናን ኣይኮነን። እዚ ማለት ግን ነቲ ህልኽ ነቲ ብድሆ መሊሱ እዩ ኣዛይድዎ። ቅድሚ ሕጂ ብዝተፈላለየ መገዲ ኣብ ከባቢ ባጽዕ፡ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ናይ ኮርያ እንብሎ ፕሮጀክትታት ፈቲንና። ምናልባት ገለ ነገር ፈቲሑ እዩ ኢልካ ክዝረብ ይከኣል ይኸውን። ክንደይ ሚእታዊት ናይቲ ቤት ዝደሊ ሽግር ፈቲሑ እንተ ተባሂሉግን፡ ዝኾነ ዝስመ ትርጉም እውን የብሉን። ካልኦት ዝተፈለለዩ ፕሮጀክትታት እውን ክትግበሩ ጸኒሖም ኣድማዕነቶም ኣብ ፍታሕ ናይቲ ሽግር እንታይ ነይሩ እንተተባህለ ካብ 2 - 3 ሚእታዊት እውን ዝሓልፍ ኣይኮነን። እንታይ እዩ ጸገምና ኣብ ምንታይ እዩ ሽግርና እንተደኣ ኢልና እውን፡ ናይ ኣባይቲ ሽግር ኣብ ሓደ ዓመት፡ ኣብ ክልተ ዓመት፡ ኣብ ሓሙሽተ ዓመት፡ ኣብ ዓሰርተ ዓመት እውን ክትፈትሖ ኣይትኽእልን። ግን ዓመት ዓመት ክትስጉም ይከኣል’ዩ። እንታይ የድልየካ - ናይ ሰብ ጸጋ እቲ መጀመርታ ዝመጽእ እዩ። ሞያዊ፡ ክኢላዊ፡ ተመኩሮ ዘለዎ ምስ ግዜ እናዓበየ ዝኸይድ የድልየካ - ብዘይካ’ቲ ናይ ትሐተ-ቅርጺ ናይ ጽርግያታት፡ ናይ መዓልቦ ነፈርቲ፡ ናይ ወደባት። ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ክጥረ ዝነበሮ ዓቕሚ ኣብ ህንጻ ናይ ኣባይቲን ናይ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታትን ክዓቢ ዝነበሮ ከምቲ ዝድለ ኣይሰጎመን።

ኣብቲ ኢንዱስትሪ እውን እቲ ዘድልየካ ጸጋ ሰብ ዝተፈላለየ ደረጃታት ናይ ሞያ ከምቲ ዝድለ ኣይማዕበለን፡ እቲ ኣወዳድባ እውን ኣድማዒ ኣይኮነን ጸኒሑ ክሳብ ሕጂ። ናይ ደገ ትካላት እናኣምጻእካ ዝግበር ህቀናታት እውን ተፈቲኑ ብዙሕ ዝምስገን ኣይኮነን ጸኒሑ። ናይ ገዛእ ርእስና ዓቕሚ ከነዕቢ ኣለና ተባሂሉ ዝተገብረ ህቀናታት፡ ነቲ ዝድለ ሽቶታት ኣይወቕዐን። ምስዚ ዝኸይድ ናይ ህንጻ ንዋት እውን ኣሎ። ናይ ስሚንቶ ፋብሪካ ሓደ ካብቶም ቀዳምነት ሂብና ንሰርሓሎም እዩ። ብሰንከልከል ክኸይድ ዝጸንሐን ሰንከልከል ዝብል ዘሎን ትካል እዩ። ምኽንያቱ ናይ ጸዓት ጸገም ኣለዎ። ናይ ጸዓቱ ጸገም ንምፍታሕ ክግበር ዝጸንሐ ህቀናታት እውን ነቲ ሽግር ኣይፈትሖን። ናይ ምፍራይ ዓቕሙ ኣዝዩ ድሩት እዩ። እዚ ስለዝኾነ፡ ብኸፊል ካብ ደገ እናኣምጻእና ኢና ነቲ ናይ ስሚንቶ ቀረብ ነሳስዮ። ነቲ ዝርካቡ ካብቲ ትካል ዝፈሪ ይኹን ካብ ደገ ዝመጽእ እውን ኣብ ምንታይ መዓላ ተውዕሎ፡

ሓደ ዓቢ ብድሆ እዩ። ምስኡ ዝኸዱ ዝተፈላለዩ ናይ ህንጻ ንዋት ኣለዉ - ማይ፡ ሑጻ፡ ናይ ጸጸር ናይ ጆያ. . . ካልእ ዝተፈላለየ ናይ ኣእማንን ውጽኢት ኣእማንን። እቲ ዝግበር ፈተነታት፡ ኣብ ኣተሓሕዝኡ፡ ኣብ ዋጋታቱ ኣብ ውጽኢቱ፡ ብዙሕ ዝምስገን ኣይኮነን። ምስ'ዚ ምትእትታው ቴክኖሎጂ እውን ኣገዳሲ እዩ - ነቲ ስራሕ ከቀላጥፎ ይኽእል እዩ ተባሂሉ ሓደ ናይ 'ፕሪ ካስት' ኣሰራርሓ ተኣታትዩ። እዚ ናይ ፕሪካስት ጉዳይ ግን፡ ዝርአ ዘሎ ስለዝኾነ ንተዓዛባይ ዝግደፍ - እዩ ኣይሰጉመን። በቲ ዝወጻሉ ናይ ግዜ ሰሌዳ እቲ ህንጻታት ክትግበር ኣይከኣለን። ብዙሕ ዝርዝራት ኣሎ ክሳብ ናይ ምሕደራ ጸገማት፡ ናይ ዓያዩ ዓቕሚ፡ ናይ ንዋት. . . ዝተፈላለዩ ካልኦት መሳለጥያታት፡ ናይ ማሽነሪን ካልእን ኣብ ግምት ዘኣቱ። ንሱ ኣብ ቦትኡ እናሃለወ፡ ናይ ህንጻ ንዋት ናይ ምፍራይ ዓቕምና ከነዕቢ ክንክእል ኣለና። ኣብ ቴክኖሎጂ ምምሕያሽ እውን እዚ ናይ ሰፍነግ ዝበለጸ ዕድላት ስለዘለዎ፡ ከነስፍሖ ተባሂሉ ኣብ ባጽዕ ዘሎ ከም ዝሰፍሕ፡ ኣብዚ ከባቢ ኣስመራ ሓድሽ ትካል ከም ዝምስረት፡ ኣብ ምዕራብ ኣብ ከባቢ ኣለቡ ዘሎ እውን ናይ ምፍራይ ዓቕሙ ክዓቢ ክኽእል ምእንቲ፡ ምምሕያሻት ተገይሩሎም ካብ 2018 ንደሓር ሓደስቲ መደባት ናይ መንበሪ ኣባይቲ ተታሒዞም ኣለዉ። ቅድም እዚ ታርጌት እዚ ክንወቅዕ ኢና፡ 50 ሽሕ፡ 40 ሽሕ፡ 30 ሽሕ ዩኒት ክንሰርሕ ኢና ኢልካ ኣብ ወረቐት ክትነድፍ ትኽእል ኢኻ። ምስቲ ጠለባት ኣተኣሳሲርካ ማለት እዩ፡ ብኽፊል ነቲ ኣዝዩ ጽጉም ክረክብ ዘለዎ እናኣማላእካ ክትከይድ። ክንደይ ኣብ ሓደ ዓመት ክትሰርሕ ትኽእል - ዝሓለፈ ተመኩሮና ኣብ ግምት ኣትዩ እዩ ክትግበር ዝኽእል። ካብኡ ዓሰርተ፡ ዕስራ ሚእታዊት ከይተግበርካ ኣብ መቐራቕሮ ኮይንካ ክንዲ ምሕሳብ፡ ክውንነታዊ ውጥን ክንደፍ ክኽእል ኣለዎ። እንተላይ ወፍሪ ናይ ርእሰ ማሉ ክዓቢ ክኽእል ኣለዎ፡ እዚ ቀዳምነት እዩ። ከምቲ ዝሓለፈ ጽቡቕ ጽቡቕ ተዛሪብና ኣብ መንጎ ኣብ ምምስማስ ኣብ ክንዲ ንኣቱ፡ ተጠንቂቕና ነዚ ናይ 2018፡ ጸገማትና ብግቡእ ኣለሊና ንዓኣቶም ቅድም ፈቲሕና እዚ ዓቕሚ ኣለና'ሞ እዚ ክንገብር ንኽእል ኢና ክንብል ኣሎና። ዝወጹ መደባት ኣለዉ ይከታተሎም እየ - ብልክዕ እዚኦም እዚኦም ኣሃዱታት ናይ ህንጻ ኣብዚ ከባቢ ክንሰርሕ ኢና ኢልካ ክትዛረብ ግን ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ገምጋም ምስ ተወድአ ግን፡ ን2018 ጥራይ ዘይኮነ ክንድዚ ዝኣክል ናይ መንበሪ ኣባይቲ ኣሃዱታት ክንሰርሕ ኢና ኢልና፡ ናይ ብሓቂ ከም እንሰርሖ ኣረጋጊጽና ክንዛረበሉ ንኽእል ኢና። ዘየድሊ ተስፋ ክንፈጥር፡ ዘየድሊ መደባት ሓንጺጽና ጽባሕ ንግሆ ምስ ጸገመና በዚን በዚን መመኽነይታታት ሃሰስ ክንብል ኣየዋጽኣናን እዩ። ናይ መንበሪ ኣባይቲ ከይፈታሕካ ከኣ፡ ዝኾነ ካልእ ናይ ልምዓት መደባት ከተተግብር ዝሕሰብ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ሰብ እዩ ልዕሊ ኩሉ። ሰብ እምበኣር፡ ጥጡሕ ናይ ስራሕ ቦታ - መንበሪ ቤት ክህልዎ ኣለዎ። ቤት

ወሳኒ እዩ። እዚ ምስ ካልኦት ዝተፈላለዩ ኣታዊታት ደሞዝ፡ መነባብሮ፡ ወፍሪ ኣብዚ ጽላት ተኣሳሲሩ ስለዝኸይድ፡ እቶም ንዕኡ ዝጸልዉዎ ኢንዱስትሪታት ዋኒናት ዝበሃሉ እውን ብግቡእ ክትሓዙ ስለዘለዎም እዩ እምበር፡ ኣነ ከም ተመኩሮ ቀዳምነቱ እናሓየለ ክኸይድ እምበር እናጎደለ ኣይከይድን እዩ። 2018 እዚኣን ክንትግብር ኢና ኢልና ክንብገስ'ሞ እቲ ድሕሪኡ ክንገብሮ እንኽእል ክንሪኦ ኢና።

**ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣብ ጉዳይ ደሞዝ መብርሂ እንተትህበና. . .?**

ጉዳይ ደሞዝ፡ 2016 ተወዲኡ 2017 ክጅመር ዝግበኦ እዩ። ብፍላይ ኣብ'ቲ ናይ መንግስቲ መዛግብቲ ዘሎ ሰብ፡ ደሞዝ ኣለዎ ኢልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ። ንምትዕርራይ ስርዓት-ደሞዝ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ክዝረበሉ ጸኒሑ ኣሎ። የግዳስ፡ ደሞዝ ምስ ሃገራዊ ጃምላዊ እቶት ወይ ምህርቲ ተዛሚዱ ክርአ ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ እቲ ምህርቲ እዩ መጀመርያ ክጽናዕ ዘለዎ። እዚ ማለት እቶት ናይታ ሃገር እናዓበየ ክኸይድ ከሎ፡ መነባብሮ ናይ ሰባት ከኣ ምስኡ እናተመሓየሸ፡ ዓይነት ሂወት እናተቐየረ ክኸይድ ኣለዎ። ደሞዝ ምትዕርራይ ክግበር እንድሕር ኮይኑ፡ ኣቓዲሞም ክዕረዩ ዘለዎም ነጥብታት ኣለዉ። እቲ ሃገራዊ ቁጠባ ምህርቲ ወይ ጃምላዊ እቶት ወሳኒ እዩ። እዚ ኣብ ቦትኡ እናሃለወ ግን፡ ንሓደ ሰራሕተኛ ደሞዝ ተወሲኽካ ኣለኻ ክትብሎ ትኽእል ትኸውን። ኣብ መወዳእታ ግን፡ እቲ ሓቀኛ ደሞዝን እቲ ስማዊ ደሞዝን በየናይ መንገዲ ኢኻ ክትፈላልዮ? ብስማዊ ደሞዝ ሰብ ክትጥብር ቀቡል ኣይኮነን። እቲ ናይ ብሓቂ ደሞዝ እቲ ናይ ዕድጊ ሓይሉ እዩ። ሓደ ሰብ ክንድ'ዚ ደሞዝ ኣለዎ ክትብል ከለኻ፡ ካብኡን ንዕለታዊ ወጻኢታቱ ማለት ናይ መግቢ፡ ልብሲ ገዛ ዝካረ እንድሕር ኮይኑ፡ ካልኦት ዝተፈላለዩ ንህይወቱ ዘድልይዎ መሰረታውያን ነገራት ከማልእ ይኽእል ድዩ? እቲ ዝተሓተ ደሞዝ ካብ 1800 ናቕፋ ንጀምር ተባሂሉ። እዚ ነቶም ኣብ ናይ መንግስቲ ትካላት፡ ኣብ ሰራዊት፡ ጸጥታ፡ ፖሊስ፡ ሚኒስትሪታት፡ ምምሕዳራት፡ ማሕበራት፡ ህግደፍ፡ … ዘለዉ ዝምልከት እዩ። 1800 ናቕፋ ወሲድካ እንታይ ክትገብረሉ ትኽእል? ናቱ ናይ ዕድጊ ሓይሊ እንታይ ይመስል? ቅድም ቀዳድም ነዚኦም ከነመዓራርዮም ክንክእል ኣለና። ኣብ ሓደ እዋን ብሓደ ውሳነ ከተማዓራርዮ ኣይትኽእልን ኢኻ። እቶም ዝተፈላለዩ ሃለኽቲ ዝበሃሉ፡ ናይ ብሓቂ ዋጋኦም (ክብሮም) እንታይ ይመስል? ናይ ውሽጢ ዕዳጋ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ደገ ዘለዎም ዋጋታት እንታይ ይመስል? ኣብዚ ሃገር ዝጸንሐ ናይ ምውቕቓዕ ጸገማት ከየመዓራረኻ፡ ደሞዝ እንተ ወሲኽካ ዘይተሓሰበ ሳዕቤናት ከምጽኣልካ ይኽእል እዩ። ሓደ ካብኡ ንዝቕባበ ከንህረልካ ይኽእል። ንኽብሪ ናይቲ ናቕፋ መሊሱ ንታሕቲ ከውርዶ እዩ፡ እቲ ባህጊ ወይ ባህሊ ናይ ምህላኽ መሊሱ ይድይብ። ኣዝዩ ሓደገኛ ዝኾነ ኣንፈት ክርኢ ይኽእል እዩ። ስለ'ዚ ካብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ዘይሓሰብናሎም ሳዕቤናት ክንድሕን ምእንቲ፡ ቅድም ቀዳድም እቲ ኣብ ውሽጢ ዕዳጋ ዘሎ ዋጋታት ከነዕርዮ ክንክእል ኣለና። ናይ ናቕፋ መጠን ሸርፊ ምስ ካልኦት ባጤራታት ብምንጽጻር እንታይ ይመስል?

እዚኣቶም እውን ሓደ ብሓደ ክነስትውዕሎም ክንክእል ኣለና። ናቕፋ ናይ ብሓቂ ክብሩ ክወስድ ክኽእል ኣለዎ። ብመጠን ኣብ ውሽጢ ዘለዉ ዋጋታት ሃለኽቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብመጠን ሸርፌ ናይ'ቲ ናቕፋ እውን ክርአ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ መወዳእታ እዚኦም ኣንፈት እናኣርኣዩ ኣብ ዝኸዱሉ፡ እቲ ሎሚ ደሞዙ ዝተዓራረየሉ ዘሎ ኣብ ናይ ሓንቲ እዋን ገምጋም ጥራይ ዘይኮነ፡ ንመጻኢ 3-4 ዓመታት ነዞም ኲሎም ንጠቕሶም ዘለና ረቛሒታት፡ ኣንፈት ናይ ዕብየት ናብዚ ገጹ ክኸይድ እዩ ኢልካ ክዝረብ ይኽእል። ፊን ከም ዝበለካ ደሞዝ ክትውስን ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣቐዲምካ ነዚኦም ከተውሕሶም ክትክእል ኣለካ። ብስምዒታዊ ምኽንያታት ደሞዝ ምስ ኣመዓራረኻ፡ እቲ መነባብሮ እናኸበደ፡ ዝቕባበ እናዓረገ፡ መጠን ሸርፌ ናይ ናቕፋ እናጎደለ እንድሕር ዝኸይድ ኮይኑ፡ መሊሱ ናብ ጸገም ዘእቱ እዩ ዝኸውን። ብመሰረቱ፡ እቶም ኣድለይቲ ዝበሃሉ ፍርያት፡ ናብ በዓል ደሞዝ ብርትዓዊ ዝኾነ ዋጋ ክቐርቡ ክኽእሉ ኣለዎም። እዚኦም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ መሳርሒታት ብግቡእ ኣእቲኻ ክትጥቀመሉ እንተደኣ ዘይክኢልካ፡ ደሞዝ ንስለ ምውሳኽ ወይ ድማ ንስሙ ደሞዝ ክንድ'ዚ ተመዓራርዩ ኢልካ ክዝረብ ዝከኣል ኣይኮነን። ኣጋጣሚ ምትእትታው ናይ ሓድሽ ናቕፋ ስለዝመጸ፡ እቲ ገንዘባዊ ወይ ሞኒተሪ ፖሊሲ ዝበሃል ንሱ ዝጠምሮም መሳርሒታት ብግቡእ ክንጥቀመሎም ክንክእል ኣለና። እቲ ዝጸንሐ በይኑ እዩ። ሕጂ ሓድሽ ባጤራ ነተኣታቱ ስለዘለና፡ እዚኦም ምትዕርራያት ክግበሩ ክኽእሉ ኣለዎም። ኣብ 2016 እቲ ምትዕርራይ ናይዞም ጉዳያት እዚኣቶም ምሉእ ስእሊ ሂቡና እዩ እንተዘይተባህለ፡ ጽቡቕ ንባብ ክህበና ዝኽእል እሞ ንምዕባለታት ንምክትታል ዝሕግዘና፡ ዘይሩ ዘይሩ ከኣ እቲ በዓል ደሞዝ ነቲ ዝወሰዶ ዘሎ ደሞዝ ብግቡእ መነባብሮኡ ንምምራሕ ይኹን ዓይነት ሂወቱ ንምምሕያሽ ክጥቀመሉ ኣለዎ ተባሂሉ ተጀሚሩ። እቲ ለውጢ ኣይተራእየን ኣይብልን እየ። እቲ ለውጢ ይርአ ኣሎ። ኣብ ምቁጽጻር ዝቕባበ፡ መጠን ሸርፌ ናቕፋ ኣብ ምሕያል፡ ቀረብ ናይቶም መሰረታውያን ሃለኽቲ ዝበሃሉ ኣብ ምምላእ፡ … ጽቡቕ ለውጢ ይርአ ኣሎ። ንኣእካል ከም መሽላ፡ ስርናይ፡ ፊኖ፡ …ከምኡ እውን ዘይቲ፡ ሽኮር፡ … ዝተፈላለዩ ካብ ደገ እነእትዎም ሃለኽቲ ነገራት፡ ብመጠን እቲ ኣብ ደገ ዘሎ ዕዳጋታት ምስ ድሩት መኽሰብ፡ ኣብ ኣህላኺ ክቐርቡ ክኽእሉ ኣለዎም። ብኸመይ መገዲ ተቐርቦ፡ ንገዛእ ርእሱ ሓደ ዓቢ ብድሆ እዩ። ብቀረብ ደረጃ ኣብ ዓለም ዘሎ ዕዳጋታት፡ እቶም መሰረታውያን ሃለኽቲ ዝበሃሉ ክቐርቡ ክኽእሉ ኣለዎም። ብዘቤታዊ ፍርያት ድዩ ብዕድጊ ካብኡ ወጻኢ ነቲ ጠለብ ከማልእ ክኽእል ኣለዎ። ካብኡ ናብኡ ማዕረ ማዕሪኡ ዝፍጠር ናይ ሸቕለት ዕድላት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታትን ኢንዱስትሪታትን እናዓበየ ክኸይድ ክኽእል ኣለዎ። ብዝኾነ እዚ ብዙሕ ሕቶታት ዘለዓዕል ጉዳይ እዩ።

እቲ ኣብ 2017 ክጅመር ዝነበሮ፡ ብኽፊል ጥራይ እዩ ጀሚሩ። እቲ ዝተረፈ ኣይጀመረን። ምኽንያቱ፡ እቶም ክማልኡ ኣለዎም ዝበልናዮም ነጥብታት ኣይተማልኡልናን። እንተደኣ ኣብ 2018 እቲ ደሞዝ ተመዓራርዩ ተባሂሉ፡ ካብ 2017 ኣትሒዙ ውህሉል ኣለካ ማለት እዩ። ኣብዚ ሕጂ ጉስየዮ ክሓልፍ ዘይደሊ፡

ናይ ውህለላ ጉዳይ ኣሎ። ግዱድ ድዩ ዘይግዱድ ውህለላ ክህሉ ጽቡቕ እዩ። እቲ ቀረብ ናይ ባጤራ (ማኒ ሳፕላይ) ዝበሃል እውን ገጂፍ ናይ ደሞዝ ስልዒት ገይርካ፡ ምስኡ ኣብ ዕዳጋ ዑደቱ ኣሐይሉ ነቲ መነባብሮን ንዝቕባበን ከይጸልዎ ምእንቲ፡ ጥንቃቐ ይሓትት። ንኣብነት፡ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ቤት ይደሊ እዩ። ዝኾነ ሰብ ብዓቕመይ ሓደ - ክልተ ክፍሊ ንሓዋሩ ንስድራይ ዘድልየኒ ቤት ክውንን እየ እንድሕር ኢሉ፡ ገለ ገንዘብ ኣቐዲሙ ኣዋህሊሉ ክጸንሕ ኣለዎ። ሕጂ ኣብ መንጎ እቲ ፍርያት፡ ሃልክን ምቕራሐን ዝበሃል - እቲ ሃልኪ ዝበሃል ወሳኒ እዩ። ካብቲ ዝተመዓራረየ ደሞዝ ገለ ክፋሉ ናብ ውህለላ ክኸይድ ክኽእል ኣለዎ። እዚኦም እውን ብንቕሓት ናይቲ ደሞዝተኛ ዘይኮነ፡ ንዕኡ ዘሳልጥ ሃዋህው ክትፈጥር ክትክእል ኣለካ። ኣብ ዝተፈላለየ ናይ መንግስቲ መደባት ኣብ ዝግበር ወጻኢታት ከኣ ክትግበር ኣለዎ። መንግስቲ እውን ናይ ፊስካል ፖሊሲታቱ ከመዓራሪ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ መንጎ ኣታዊታትካን ወጻኢታትካን ዘሎ ሚዛን ተኸፋሊታት ከተመዓራሪ ክትክእል ኣለካ። ነቲ ወጻኢታት ዝበሃል ከተልዝቦ ክትክእል ኣለካ። እቲ ኣታዊታት ዝበሃል ብግብሪ ወይ ብቐረጽ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብቲ ዕብየት ናይቲ ቁጠባ ዘሎ ኣንፈት ናብ ዝዓበየ ይኸይድ ኣሎ። ብቐንዱ ግን እቲ ኣብ መንግስቲ ዝሰርሕ ዘሎ፡ ከም ኣብ ካልኦት ሃገራት ዘሎ እንወስዶ ኣይኮነን። ኣቐዲሙ ክጋደል ዝጸንሐ እዩ። እቲ ዝበዝሕ ዓቕሚ ብዝተፈላለየ መንገዲ ሞያን ትምህርቲን ዘለዎ እዩ። ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛ እዩ ክበሃል ከሎ፡ ኣብ ሰራዊት፡ ፖሊስ፡ ጸጥታ፡ ህግደፍ፡ ማሕበራት፡ ሚኒስትሪታት፡ ምምሕዳራት፡ … ዘሎ፡ ትማሊ ኣብ ውሽጢ 25 ዓመት ዝመጸ ሰራሕተኛ ናይ መንግስቲ ኣይኮነን። ናቱ ቦታ ኣብቲ ቁጠባዊ ልምዓት ናይቲ ሃገር ኩሉ ግዜ ኣብ ግምት ዝኣቱ እዩ። እዚ ሕጂ ዳርጋ ብጥርሑ ክሰርሕ ዝጸንሐ ገዚፍ ክፋል ናይቲ ህዝቢ እዩ። ሞሳኡ ረኺቡ እዩ ኢልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን። ሕጂ ዘለዎ መነባብሮን ሕጂ ዝረኽቦ ዘሎ ደሞዝን እውን ነቲ ኣበርክቶኡ ዘማልእ ወይ ማዕረኡ ዝዳረግ ኣይኮነን። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቲ ናይ ምትዕርራይ ደሞዝ ንማሕበራዊ ኣመታት፡ ካልኦት ዝተፈላለዩ ምስ መጻኢ ዝተኣሳሰሩ ከም ምስ ውላድ ዝተኣሳሰር ኣብ ግምት ከእቱ ኣለዎ። ናይ ኣበርክቶ (ፐርፎርማንስ) ጉዳይ እውን ዕሽሽ ዝበሃል ኣይኩነን። እዚኦም ምናልባት ብሓጺር ኣቀራርባ ዘቕርቦም ዘለኹ እዮም። እቲ ምትዕርራይ ናይ ደሞዝ፡ ኣብቲ መስርሕ ናይዞም ዝብሎም ዘለኹ ጉዳያት ብግቡእ ክጽናዕ ኣለዎ። ክልተ ሰባት ሓደ ዓይነት ስራሕ ዝሰርሑ፡ እቲ ሓደ ሓሙሽተ ቈልዑ ዘለውዎ፡ እቲ ኻልኣይ ክልተ ቈልዑ ዘለውዎ እንተ ኾይኖም፡ ነቲ ዝበዝሐ ቈልዑ ዘለውዎ ብኸመይ ትኽሕሶ (ኮምፐንሴት) ትገብሮ. . ። እዞም ኩሎም ጉዳያት ኣብ ግምት ኣትዮም ይውሰኑ ስለዘለዉ፡ ኣብ'ዚ 2018 እንድሕር ተወዲኡ፡ ምሉእ ስእሊ ክህበና ስለዝኽእል፡ ኣብ ጉዕዞ እናኣመዓራረናዮ ናብ መስርዑ ከነእትዎ ንኽእል ኢና። እቲ ጽዕነት ናይ መነባብሮ፡ ኣብ ኩሉ ምስ'ቲ መንግስቲ ዝሰርሕ ዘሎ ይኹን ዋላ ካብኡ ወጻኢ ዘሎ ርኡይ እዩ። 2016 ወዲእና ኣብ 2017 ክንጅምሮ ኢና ዝበልናዮ ምትዕርራይ ደሞዝ ምሉእ ብምሉእ ኣይተወድአን። ንእሸቶ ክፋሉ ጥራይ እዩ ተመዓራርዩ ዘሎ። እዚ ማለት ግን፡ እቲ ካሕሳ ይተርፍ እዩ ማለት ኣይኮነን። እዚ ሕጂ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክንድ'ዚ ደሞዝ

ተመዓራርዩልካ ኢልና ብኽልሰ- ሓሳብ እንድሕር ንዛረብ ኣለና ኮይንና፣ ኣብ 2017 ኣብ 12 ኣዋርሕ ክትረኽቦ ዝነበረካ ተወሳኺ ስለ ዘይረኸብካዮ ተቓሚጡልካ ኣሎ ተባሂሉ ክውሰን ክኽእል ኣለዎ። ከም ካሕሳ ናይ ግድን ኣብ 2018 ወይ 2019 ኣብ ዝኽፈል ደሞዝ ክኣቱ ክኽእል ኣለዎ ማለት ኣይኮነን።

**መንግስቲ ኣብ ኣቃውማኡ ቅርጡው ኣብ ኣሰራርሓኡ ብቑዕን ጽሩይን ክኸውን፣ ካብ መጀመርታኡ ተሰሪሑሉ እዩ። ምስ ቀጻሊ ግዳማዊ ተጻብኦታት ግን፣ ኣብ ምህናጽ - ብቑዕ፣ ኣድማዒ. . .ትካላት መንግስቲ ቡቲ ዝድለ መልክዕ ኣይሰጉመን። ኣብዚ መዳይ'ዚ እንታይ መደብ ኣሎ?**

ናይ ደገ ብድሆታት መመሳመሲ ክንገብሮም የብልናን። ንሱ ከም ንቡር ንውሰዶ። ናይ ደገ ጸቕጥን ሽርሕታትን ይሃሉ ኣይሃሉ፣ እቲ ቅርጡው፣ ጽሩይ፣ ኣድማዒ፣ ብቑዕ፣ ትካላት ምህናጽ - ብዝኾነ መንገዲ ክሰራሕ ዘለዎ እዩ። ኣብ ዘይምዕቡላት ወይ ዘይሰልጠና ሃገራት ዘሎ ጸገም፣ እቲ ሰራሕተኛ ናይ መንግስቲ ቍጽሩ ዳርጋ ብዓሰርተ ዕጽፊ ወይ ልዕሊኡ ዝዘቕበበ እዩ። ዘሎን ዘየሎን እዩ ኣብ ፐይሮል ናይ መንግስቲ ዝኣቱ። ኣብ ሓደ-ሓደ ስርዓታት እንድሕሪ ርኢናዮ፣ ሹመኛታት መንግስቲ ዝበልዕዎ ናይ ዘየለዉ ሰራሕተኛታት ደሞዝ ኣሎ። ኣብ ሓደ-ሓደ ጽሑፋት ኣዝዩ ኣተሓሳሳቢ ዝኾነ ናይ ዒራቕ ተመኩሮ ኣንቢበ ኣለኹ። ካብ'ቲ ህዝቢ ኣብ ስራሕ ዘየለዉ ኣብ ፐይሮል ኣትዮም፣ እሞ ሽሞኛታት ብስሞም እናመንዝዑ ዝዘምትዎ መወዳእታ የብሉን። ኣብ ቁጠባዊ ዕብየትና ምህርቲ ከነዕቢ እንድሕሪ ኮይንና፣ መንስግቲን ኣካላት ናይ መንግስቲን ዘለዎም ኣበርክቶ ኣነኣኢስካ ዝረአ ኣይኮነን። ናይ'ቲ ንኹሉ ፖሊሲታት ዝመርሕ፣ ንዕብየት ቁጠባን ዓይነት ሂወትን መነባብሮን ናይ ዜጋታት ኣብ ምምሕያሽ ዝሰርሕ መንግስቲ ቅርጡው ምኻን ወሳኒ እዩ። ንባጀታዊ ስልዒት መንግስቲ ዘባኽን፣ ኣብ መወዳእታ ኸኣ ኣብ ቁጠባ ሃገር ኣበርክቶ ዘይገብር ዝቐቡብ ቁጽሪ ክህልዎ የብሉን። ብፍላይ ሎሚ ከም ቀደም ኣይኩነን። ናይ ሓበሬታ ቴክኖሎጂ ማዕቢሉ እዩ። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፣ ቀደም 10 ሰባት ዝሰርሕዎ ዝነበሩ ሎሚ 2-3 ሰባት ጥራይ ክሰርሕዎ ይኽእሉ እዮም። ቴክኖሎጂ እናተኣታተኻ ቅርጡው ኣገባብ ከተካይዶ ትኽእል ኢኻ። እቲ ልሙድ ዝበሃል ወጻኢታት ናይ መንግስቲ መጠኑ ይሕዝ። እንተዘየሎ፣ ንሱ እንድሕሪ ተነፊሑ፣ ኣብ ሚዛን ተኸፋሊታት ኣዝዩ ኣሉታዊ ዝኾነ ሳዕቤን ስለዘለዎን፣ እቲ ስርዓት ብልሹው እንድሕሪ ኮይኑን፣ እቲ ሃስያ መሊሱ እዩ ጉሉሕ ዝኸውን። ገጂፉ፣ እሞ ዘይሰርሕ፣ ንሃገር ዘዕኑን ዝዘምትን፣ ንህዝቢ ዝዘምት ዓይነት ስርዓት እንድሕሪ ኮይኑ ጽሬት የብሉን። ካብ'ቲ ኩሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ ትካላት መንግስቲ ዝረአ ማእለያ ዘይብሉ ብኩል ኣሰራርሓ፣ ምጥፍፋእን ስርቅን ክንምካሕ

ንኽእል ኢና። ምስ ካልኦት ኣረኣኢና፡ ንሕና ኣብ ከምኡ የለናን ኢልና ንነብስና ክነመስግን ንኽእል ንኸውን። ግን ከኣ የለን ኢልካ እውን ክትዛረብ ኣይትኽእልን። ኣብ ነንበይኑ እዋናት ዳርጋ ቀጻሊ ምሕጻብ ዘድልዮ ጸገም እዩ። ናይ መንግስቲ ቅርጡውነት ከይተቖጻጸርካ፡ ንስርዓትካ ብልሽውና ዝገዝኦ እንድሕር ኮይኑ፡ ኣብ መወዳእታ ኣብ ብቕዓቱ ይኹን ኣብ ውጽኢቱ ሃስያ እዩ ዝኸውን።

ተኸሲሩ ወይ ዜሮ ከይዱ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ቁጠባ ዝፈጥሮ ጸገም፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ፡ ኣብ ዜጋታት ዘውርዶ ኣደራዕ መወዳእታ ስለዘይብሉ፡ ናይ መንግስቲ ጽሬት ወሳኒ እዩ። ስለ'ዚ ነቲ ስርዓት ብቑዕ ክትገብሮ ክትክእል ኣለካ። ናይ ምቁጽጻር ስርዓት ኣዝዩ ሓያል ክኸውን ክኽእል ኣለዎ። እቲ ባህሊ ክኹስኲስ ክኽእል ኣለዎ። ሓላፍነታዊ ኣሰራርሓ ሰባት ኣብ ትካላት ናይ መንግስቲ፡ ብፍላይ ኣብ'ቲ ላዕለዋይ ጽፍሕታት ነዚ ከውሕሰልካ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ኣሰራርሓ፡ ብውሑድ ዓቕሚ ብድሩት ጸጋታት ዓቢ ውጽኢት ክትገብር ክትክእል ኣለካ። ብትግሃት፡ ብቐጻሊ ከቢድ ስራሕ፡ ሓላፍነታዊ ብዝኾነ ኣበርክቶ፡ ኣድማዕነት ተረጋግጽ። ጸጋታት ናይ ሰብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንዋት፡ መሳለጥያታት. . . ብብቕዓት እንተደኣ ተጠቒምካሉ ወጻኢታት ተውሕድ። ኣብ መወዳእታ ነቲ ዝድለ ውጽኢት ተዕብዮ ማለት እዩ።

ስራሕ ውጽኢት ክህልዎ ኣለዎ። ናቱ ስንብራት ኣብ'ቲ ዝድለ ዕላማታት ነቲ ሸቶ ኣብ ምጭባጥ ክሰርሕ ክኽእል ኣለዎ። እዚኦም ባህርያት እዚኣቶም ብዘረባ ትፈትሖም ኣይኮኑን። ግዜ ወሲዶም ክሹስኮሱ ዘለዎም እዮም። ብምንጽጻር እንተ ርኢናዮ፡ ኣብ ውሽጢ 30 ዓመታት ተቓሊስና፡ ብኸመይ መንገዲ ናጽነትና ኣረጋጊጽና እንድሕሪ ተባሂሉ፡ እዞም 4 ረቛሒታት እዚኣቶም በቲ ዝለዓለ ጫፎም ስለ ዝተሰርሓሎም እዩ። ከምኡ እንተ ዘይከውን፡ እቲ ሚዛን ኣዝዩ ዘይተመጣጠነ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ነቲ ኩነታት ክንቅይሮ ኣምበይምኽኣልናን። ብዝወሓደ ሰራዊት፡ ብዝወሓደ ዓቕሚ፡ ምስ ገዚፍ ሓይሊ ከመይ ገይርና ክንምክት ክኢልና? ብኸመይ መንገዲ እቲ ዝወሓደ ዓቕሚ ነቲ ገዚፍ ዓቕሚ ክምክቶ ክኢሉ? ኣብኡ ዝነበረ ባህሊ፡ ኣብኡ ዝነበረ ኣሰራርሓ፡ ኣብኡ ዝነበረ ጸጋታት ደማሚርና እንተርኢናዮ፡ ማዕረ እቲ ዝገጥሞ ዝነበረ ዓርሞሸሽ ሓይሊ ዝምጠጥ ቅርጡውነት ሓደ ብሓደ ክንርእዮ ንኽእል። እቲ ናይ ሽዑ ኩነታት'ውን ነቲ ጽሬት ናይ ግድን ክዉን ገይርዎ። ደሞዝ ዝበሃል ኣይነበረን። ተወፋይነት በቲ ዝለዓለ ደረጃኡ ነይሩ። ጉልበት ናይ ሰብ ሓደ ንዓሰርተ ይዋጋእ ነይሩ። መስርዕ ክልተ- ሰለስተ ተሪፋ ክበሃል ከሎ፡ ዝገጥማ ዝነበረ ሓይሊ ብኸመይ ትምክቶ ነይራ? ቀሊል ባህሊ ኣይኮነን። ኣብ'ቲ ስርዓት ዝነበረ ናይ ኣድማዕነት ባህሊ እንተ ርኢና፡ ከብድኻ ከይመላእካ፡ ግዜ ከይቀጠብካ 8-10 ሰዓት ከይበልካ ትሰርሖ ዝነበርካ ስራሕ ተደሚሩ ኣራባሒ እዩ ነይሩ። ኣድማዕነቱ፡ በቲ ዘወጽኦን በቲ ዝተበጽሖን ነገር ክትርእዮ ትኽእል። ንሕና ንድሕሪት ተመሊስና ናፈቕቲ ሕሉፍ እንኾነሉ ምኽንያት የለን። ነቲ ናይ ሽዑ ኩነታት ክትፈጥሮ ኣይትኽእልን ኢኻ። ሕጂ ልክዕ ከምኡ ዝመስል ኩነታት ከተምጽእ ኢልካ ዝሕሰብ'ውን ኣይኮነን። ንሱ ደኣ ይኹን እምበር፡ ናይ

*መንግስቲ ስርዓት፥ ናይ ብሓቂ ነዞም 4 መሰረታውያን ነገራት ከማልእ ክኽእል ኣለዎ።*

*ኩሉ ግዜ ነብስና ምስ ካልኦት ከየነጻጸርና፥ ነብስና ምስ ነብስና ክንመዝና ክንክእል ኣለና። እዞም መለክዒታት እዚኣቶም ናይ ግድን እዮም። ሕርያ ኣይኮኑን። ከም ድላይካ፥ ባህ ከም ዝበለካ እትወስዶምን እትሓድጎምን ኣይኰኑን። ናይ ልምዓት መደብ ኣለካ፥ ቁጠባኻ ከተዕቢ ትደሊ፥ ዓይነት መነባብሮ ሰባት ክተመሓይሽን ክተሐይልን ትደሊ፥ ነዚኦም ዘየማልእ ናይ መንግስቲ ኣካላትን ስርዓትን፥ ነቲ ዝድለ ሸቶታት ክወቅዕ ኣይክእልን እዩ። ስለ'ዚ ነፍሲ- ወከፎም ከም መለክዒ ወሲድና፥ ኣብ ቅርጡውነት፥ ኣብ ጽሬት፥ ኣብ ብቕዓት፥ ኣብ ኣድማዕነት እንታይ ክንገብር ከም ዝጸናሕና፥ ዓመት-ዓመት ጥራይ ዘይኮነ፥ ወርሒ-ወርሒ ኣብ ርብዒ ዓመት ቀጻሊ ገምጋም ክግበረሉ ዘለዎ እዩ።*

*ኩሉ ኣካላት መንግስቲ ብሓደ ክምዘን'ውን ኣይክእልን እዩ። ኣብ ሰራዊት፥ ፖሊስን ጸጥታን፥ ማሕበራት፥ ህግደፍ፥ ሚኒስትሪታት፥ ኣብ ምምሕዳራት ኣብ ነፍሲ- ወከፎም፥ ብቐንዱ ምምሕዳራት ብቐጥታ ምስ ህዝብን ሂወት ህዝብን ስለዝተኣሳሰር ኣብኡ ዘሎ ስርዓት ነዞም 4 መለክዒታት ብኸመይ የማልኦም ኢልካ ክዝረበሎም ኣገዳሲ እዩ። ነዚኣቶም ገዲፍካ፥ ካልኦት ዓበይቲ ኣብ ዝመስሉ ዘረባታት ምዝራብ ቀዳምነቱ ዘይሓለወ ኣሰራርሓ እዩ ዝኸውን። ስለ'ዚ ንሕና በቲ ዘመሓየሽናዮን ቀጻሊ እንሰርሓሉ ዘለናን ዘይኮነ፥ ኣተኵሮና ኩሉ ግዜ ኣብ ድኽመታትና እዩ። ኣብ'ዞም መለክዒታት ብምምርኳስ እንታይ ድኽመት ኣርኢና ንብል። ጽቡቕ ገይርና ኢልና ንነብስና ከነደዓዕስ የብልናን። ኣብ ናይ መንግስቲ ቅርጡውነት፥ ጽሬት፥ ብቕዓትን ኣድማዕነትን ብምትኳር፥ ከም ባህሊ ኮስኲስና ኣብ ሂወትና ክንርእዮ ዘለና እዩ። ክንሕበነሉ እንኽእል ናይ ቀደም ገዚፍ ታሪኽ ኣለና። ግን ንሱ ከዳዓዕሰና የብሉን። ኣብ'ዚ ሕጂ ተሰኪምናዮ ዘለናን ናይ መጻኢ ሓላፍነትናን፥ ብቑዕ ኣሰራርሓ ናይ መንግስቲ ክህሉ ምእንቲ ምስራሕ የድሊ። ዕግበት የለን ዘይኮነ፥ ንእሽቶ ጌጋ'ውን እንድሕሪ ኣሎ፥ ሸለል ክበሃል የብሉን። ምናልባት ዓበይቲ ነገራት ሰሪሐ ትብል። ንእሽቶይ ዘይምጽራይ ከተምጽኦ እትኽእል ዕንወት ቀሊል ስለዘይኮነ ግን፥ ሸልል ንበሎ፥ ደሓን ከም ሻሙ እናበልካ እንተ ኸይድካ፥ እቲ ልምዲ እናሳዕረረ ከም ባህሊ እናተኾስኮሰ፥ ኣብ መወዳእታ ኣብ'ቲ ስርዓት ምስ ኣተወ ናይ ሕላፍ ሰዓት መአረምታ ክግበር ስለ ዝኸብድ፥ መለክዒታት ሒዝካ ክስራሕ ስለ ዘለዎ ጽቡቕ ኣለና ኢልና ደቂስና እንሓድረሉ ጉዳይ ኣይኮነን። እዚ ቀጻሊ ዝስራሓሉ እዩ። ኣብ ባህሊ፥ ኣብ ስርዓት፥ ንኹሉ ኣብ መንግስቲ ዝሰርሕን ህዝብን ብቐጥታ ዝጸልዉ ስለዝኾኑ፥ ብኣጠቓላሊ ሸለል ክበሃሉ ዘይብሎም ወይ ድማ ክንዛነየሎም ዘይብልና ጉዳያት እዮም።*

**ክቡር ፕረዚደንት መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ንምጽዓድ ካብ ዝተኣልሙ ውዲታት ሓደ፥ እቲ ብግዳም እናተመወለን እናተኣለየን ክካየድ ዝጸንሐን ዘሎን ፖለቲካዊ ሸርሒ ፍልሰት መንእሰያት እዩ። መንግስቲ፥ ነዚ ተጻብኦ'ዚ ንምግጣም ኣብ ግዳም ዘካይዶ**

**ሕጋውን ዲፕሎማስያውን ጻዕሪ እንታይ ይመስል? ናብ ህዝብና ብሓፈሻ - ኣውራ ድማ ናብ መንእሰያት ክመሓላለፍ ዘለዎ መልእኽቲኸ እንታይ እዩ?**

እዚ ኣብ ውሽጢ መቓን ክንርእዮ እንተደኣ ኮይንና፡ ብድሆታት ይኹን ሽርሒታት ናይ ዝሓለፈ 25 ዓመት እዩ። ብመድፍዕን ብጠበንጃን ዝዋግኣካ ገዚፍ ስግኣት እዩ ኣይብልን እየ። እቲ ዝጸብኣካ፡ ኩሉ ግዜ ውሽጣዊ ውህደትካ ከዳኽም፡ ውሽጣዊ ዓቕምኻ ክብርዝ እዩ ዝፍትን። ኣብ ዋሺንግተን ናይ ክሊንተን፡ ቡሽን ኦማባን ሰለስተ ተኸታተልቲ ምምሕዳራት፡ ሓደ ካብ'ቲ ብዙሕ መደቦም እቲ ንሳቶም 'ምቕያር መንግስቲ' ዝብልዎ ንምትግባር፡ ብውሽጣዊ ሽርሒ ምብራዝ እዩ። ብቐንዱ ንቊጠባዊ፡ ባህላዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ስነ-ኣእምሮዊ. . . ኩነታት መንእሰይ ናይ'ቲ ሃገር ክትብርዞን ከተዳኽሞን ክትክእል ኣለካ። ኣብ'ቲ ስርዓት ናይ ምቕያር ኢሎም ዝቐየስዎ መደባት፡ ኣብ'ዚ ዞባና ዘለዋ ዝተፈላለያ ናይ ስለያ ትካላት'ውን ዝሰርሓሉ፡ ኣብ ኤውሮጳ ዘለዋ ዝተፈላለያ ናይ ስለያ ትካላት ኣወሃሂደን ክሰርሓሉ ዝጸንሓ፡ ንልዕሊ 20 ዓመታት ዝኸደ ሽርሒ እዩ ክበሃል ይከኣል። እዚ ፍልሰት ናይ ሰባት ኣባና ጥራይ ዘተኮረ ኣይኮነን። ምስ ምውዳእ ዝሑል ኲናት ዝመጽአ፡ ኣብ መንጎ'ተን እንኮ ቀጽራዊ ስርዓት ክንፈጥር ኢና በሃልቲ ዝተፈላለያ ሓያላን ዝበሃላ ዝነበረ ውድድር ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቲ ከማና ዝኣመሰለ ገና ዘይማዕበለ ቊጠባታት ናይ ምግባት - ናይ ዕብለላ እስትራተጂ እዩ ነይሩ ብኣጠቓላሊ። ምስኡ ክሰርሕ ተባሂሉ ዝተወሰነ - ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ከባቢ፡ ዞባ፡ ኣብ 2002 'ኮንዶሌሳ ራይስ' ምስ መጽኣት፡ ሓደ መልሕቕ ወይ ኣንከር ዝብልዎ ናሽናል ሰኩሪቲ ስትራተጂ ንምትግባር ኣብ ነንበይኖም ዓለማት ሰሪሖሙሉ።

ኣብ'ዚ ከባቢና እውን መልሕቕና ዝበልዎም ኣለዉ። ኣብ 1991 ዓ.ም. ናይ 50 ዓመታት ናይ ታሪኽ በደል ተኣሪሙ ኢልና ነይርና። ግን ሓድሽ መደብ ከኣ መጺኡ። እንተደኣ ንዕኡ ከተገልግል ዘይትኽእል ኮይንካ ክትሰረዝ ኣለካ። ካብ'ቲ ካርታ ክትድምሰስ ኣለካ። እቲ መንግስቲ ናይ ምቕያር መስርሕ ብኸምኡ እዩ ዝመጽእ። እዚ ብዙሕ ዳይናሚክስ ኣለዎ። ናይ ፍልሰት መደባት ብፍላይ እቲ ናብ ኤርትራ ጥራይ ዝቐንዐ - ነዚ ዕላማ'ዚ ከገልግል ተባሂሉ እዩ። ኣብኡ ዝሰርሓ ትካላት ማእለያ የብለንን። እቲ ዛንታ ብዙሕ እዩ። ነዚ መሳለጢ ዝኸውን ናይ ውሽጢ ሃገር ወይጦ ትኸትብ። እቲ መርበብ ግን ኣዝዩ ገፊሕ እዩ። ሓደ ኩሉ ግዜ ከም ኣብነት ክጠቕሶ ዝደሊ፡ ሕጂ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ዜና ማዕከናት ዝግለጽ ዘሎ፡ ኣብ እስራኤል ኣለዉ ናይ ዝበሃሉ ኤርትራውያን ጉዳይ እዩ። እዞም ሰባት እዚኣቶም ንእስራኤል ክኸዱ ከለዉ፡ ኣብ ደገ ሓይሊ ኣኪብካ ብዝተፈላለየ መንገዲ ካብ ጐረባብቲ ሃገራት ኣበጊስካ፡ ንዕልዋ መንግስቲ ወይ ስርዓት ንምቕያር ክሰርሑ ይኽእሉ እዮም ዝተባህሉ እዮም። በቲ ናይ ሽው ገምጋሞም፡ "ዋላ ብረታዊ ጎነጽ ገይርካ ነቲ መደብ ክትትግብሮ ትኽእል ኢኻ። ሃሱስ ወይ ወይጦ ዝኸውን ትካል ክትምስርት ቀሊል እዩ ኣብ ኤርትራ። ምኽንያቱ መብዛሕትኡ መንእሰይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝወሰደ ስለዝኾነ፡ ብብረታዊ ጎነጽ ለውጢ ክምጽእ ናብ ዝኽእል ሓይሊ

ክትቅይሮ ኣየጸግምን እዩ” ዝብል እዩ። ካልኦት ዝተፈላለዩ ባህርያት ዝብልዎም ንሳቶም ኣብ ግምት ዘእተውዎም እውን ነይሮም። በዚ ኮይኑ በቲ ግን፡ ነቲ ፍልሰት ብውዱብ መልክዕ ክትሰርሓሉ ክትክእል ኣለካ።

ሓደ መንእሰይ ካብ’ዛ ሃገር፡ ዶብ ሱዳን ክሰግር እንታይ የድልዮ? መን ይውድበሉ? እንተደኣ ኢልናሲ፡ ሃሰስ እናበለ ክኸይድ ኣይክእልን እዩ። መሬትን መንገድን ዘይፈልጥ ክኸይድ ኣይክእልን’ዩ። ሱዳን ምስ ኣተወ እውን ናይ ሕቡራት ሃገራት ወኪላት ክምዝግባኦ ክኽእላ ኣለወን። ኣብኡ ክትምዝገብ እንድሕሪ ኸይንካ፡ ‘ኣብ ኣስመራ ሓደ ጨቋኒ ስርዓት ስለዘሎ በዲሉኒ’ ኢልካ ከተመኽኒ ኣለካ። ‘ሃገራዊ ኣገልግሎት ናይ 18 ኣዋርሕ ዝነበረ ሕጂ ንምሉእ ዕድመ ኮይኑ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ባርነት እዩ። መሰል ወዲ ሰብ ኣይሕሎን እዩ. . .’ እናበልካ ብኸም’ዚኦም ብዝኣመሰሉ ጸገማት ከተመኽኒ ክትክእል ኣለካ።

ካብ ሱዳን ወረቓቕቲ ዘሳልጠልካ፡ ናብ መንገዲ ሊብያ ወይ ግብጺ ዝመርሓካ ናቱ መርበብ ኣለዎ። እንተላይ ናይ ጸጥታ፡ ናይ ፖሊስን ካልኦትን ሰራሕኞታት ዝበሃሉ ኣብ’ቲ መርበብ ኣለዉ። ሕጂ ኣብ እስራኤል 40 ሽሕ ዝኾኑ ኣለዉ እዩ ዝበሃል። ዓመት ዓመት እናወሰኸ እዩ ዝኸይድ። 20 ሽሕ ዝኾኑ ከኣ ኤርትራውያን። እቲ ኩሉ ናይ ሽርሒ ፈተነታት ውጽኢት ምስ ተሳእኖ፡ እዞም ሰባት ኣብ’ቲ ዝኸድዎ ዓዲ ጾር ኮይኖም። ሕጂ ክምለሱ ንደልዮም ኣለና ተባሂሉ። ንሕና ካብ ዜጋታትና ዝዓብየና ነገር የለን። ብዝተፈላለየ መገዲ ኣጋግዮም ወሲዶሞም ወይ’ውን ንሳቶም ተጋግዮም ከይዶም ኣለዉ። ዋላ ኣብ ገዝኦም እውን ስድራኦም ደፋፊኦም ኣብ ከም’ዚ ዝኣመሰለ ደረጃ ኣብጺሖሞም ይኾኑ። ሕጂ ግን እቲ ጌጋ ከመይ ተፈጺሙ? መን’ዩ ፈጺምዎ፡ መን’ዩ ተሓታቲ? ዘይኮነ፡ እተን መርበባት ንፈልጠን ኢና። ካብ ኤርትራ ናብ ዶብ ሱዳን፡ ሊብያ፡ ግብጺ ክሳብ ላምፔዱሳ ጥልያን፡ እንኮላይ ናይ ጥልያን ሰበ-ስልጣን ጸጥታን ስለያን፡ ኣካላት ሰብን ድራግን ዝሸጡ፡ ካልእ ዝተፈላለየ ገበናት ዝፍጽሙ ናይ ዓለም ዝተወደበ ማፍያ እዩ። እዚኣቶም ካብ እስራኤል ክምለሱ እንድሕሪ ዝድለ ኮይኑ ይመለሱ። ክምለሱ እንድሕር ኮይኖም፡ መን እዮም እዞም 20 ሽሕ ዝበሃሉ ዘለዉ ክንፈልጦም ምእንቲ፡ ክንምዝግብ ኢና ተባሂሉ፡ ኣይነፍቅድን ኢና ኢሎም። እንድሕሪ ዘይንፈልጦም ኮይንና ክንምዝግቦም እንድሕሪ ዘይንኽእል ኮይንና ደኣ እንታዎት ኢና ክንብሎም? ካብኣቶም ከም’ዚ ሕጂ ኣብ ጋዜጣ ዘውጽእዎ ዘለዉ - ‘ደለይቲ ዕቑባ’ እዮም እንተደኣ ተባሂሎም፡ ካብ ጭቆናን ምግሃስ መሰላትን ዝሃደሙ ኣለዉ እንድሕሪ ዝበሃል ኮይኑ፡ ክንፈልጦም ክንክእል ኣለና። ክምለሱ ምድላዮምን ዘይምድላዮምን ዘይኮነ፡ እቲ ዝምለስ ክንምዝግቦ እንተበልና ኣይፍቀድ እዩ ተባሂልና።

እዞም ሰባት ዕድሎም ዝተኾልፈ ስለዝኾኑ፡ ኣብ'ዚ ተመሊሶም ሓድሽ ሂወት ክጅምሩ ምእንቲ፡ መጀመርያ ዕድላት ክኽሰተሎም ክኽእል ኣለዎ። ንኣብነት ተመሊሶም ኣብ'ዚ ሓድሽ ሂወት ክጅምሩ እንድሕሪ ኮይኖም፡ ብውሑዱ ናይ ሞያ ስልጠና ክወሃቦም ክኽእል ኣለዎ። ኣብ እስራኤል ዘሎ ኩነታት ቁጠባን ቴክኖሎጂን ክም'ዚኦም ዝኣመሰሉ ስልጠናታት ንምክያድ ዝሓሸ ስለዝኾነ፡ ኣብኡ ክወሃብ ክኽእል ኣለዎ ኢልና። ኖ ኣብ ኤርትራ ክምስረተሎም ክኽእል ኣለዎ፡ ንነፍሲ-ወከፎም 3,500 ዶላር ክንህቦም ንኽእል ኢና ኢሎም። ነፍሲ-ወከፍ ግን ክንደይ ከፊሉ እዩ ወጺኡ - ዶብ ክሰግር፡ ካብ ሱዳን ናብ ግብጺ እሞ ድማ ናብ'ቲ ዘይእቶ መሬት እስራኤል ሰሊኹ ክኣቱ ቀሊል ኣይኮነን። ከቢድ ከፊሉ እዩ ኣትዩ። ካብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ግብጺ እዩ ናብ እስራኤል ከምዝኣቱ ተገይሩ እምበር ብኻልእ መንገዲ ኣይኣተወን። ምኽንያቱ መእተዊ ስለዘየለ። እዞም ሰባት እዚኣቶም፡ እቲ ናብኡ ንኽበጽሑ ዝኸፈልዎ ብ3,500 ዶላር ዝውዳእ ኣይኮነን።

ስለ'ዚ ሓድሽ ሂወት ክምስርቱ እንድሕሪ ኮይኖም ካሕሳ ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ሓደ ሰብ፡ ናይ'ዚ ኩሉ ኣብ ልዕሊኡ ዝወረደ በደልን ዝተኾልፈ ዕድልን፡ ሓድሽ ሂወት ክጅምር ምእንቲ ርትዓዊ ዝኾነ ካሕሳ ክወሃቦ ክኽእል ኣለዎ። በቲ ናይ ሽዑ ናትና ገምጋም፡ ነፍሲ-ወከፎም 'ካብ 50 ሽሕ ዶላር ዘይውሕድ ካሕሳ ክወሃቦም ክኽእል ኣለዎ' ዝብል'ዩ ነይሩ። ብዝኾነ፡ እቲ ዝርርብ ኣብ ዕጹው ማዕጾ በጺሑ። ድሕሪኡ፡ ናብ ሩዋንዳ ወይ ናብ ኡጋንዳ ክንሰዶም ኢና ተባሂሉ። ኣብ'ዚ መወዳእታ እዋን'ውን እዚኦም ምናልባት ኣዘቕበብቲ ደኣ እምበር ሰደተኛታት ኣይኮኑን፡ ዝቕበለና ሃገር እንተረኺብና ናብኡ ክንሰዶም ኢና ተባሂሉ። ኣባጊዕን ኣጣልን እውን ከምኡ ገይርካ ኣይትጉሕፍን ኢኻ። ኣየናይ መንግስቲ እዩ ተሓታቲ ናይ ዜጋታትና ኮይኑ፡ ዜጋታትና ክቕበል ዝኽእል? መንግስታት ሓላፍነት ወሲደን ንዜጋታትና ተቐቢለን ከነባብርኦም - በየናይ ሕጊ በየናይ ስርዓት ከምኡ ክገብራ ይኽእላ? ካብ'ቲ ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣሽካዕላል ሓደ እውን፡ 'ካብ ኤርትራ ንዝኸዱ መንእሰያት ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ሸቕለት ዕድላት ክፍጠረሎም ኣለዎ' ተባሂሉ፡ ልዕሊ 700 ሚልዮን ዩሮ ተሰሊዑ። ድሕሪኡ'ውን ተወሲኹሉ ተባሂሉ። በየናይ መሰል እዩ ከምኡ ዝገበር?.